BORLÄNGE

ንኡስ-ዞባ ቦርሌንገ
ቤ/ትምህርቲ ኣባጽሕ

2020-09-04

# ሳምንትታት-ትምህርት ኣብ ቋንቋ ሽወደንኛ ንወጻእተኛታት

እቶም ቋንቋ ሽወደንኛ ንወጻእተኛታት(ኤስ.ኤፍ.ኢ) ትምሃሩ ወይ ክትመሃሩ ትሓስቡ፡ኤስ.ኤፍ.ኢ ትጅምርሉን ትውድእሉን መዓልትታትን ብጠቕላላ ትመሃርወን ውሱናት ሳምንትታት-ትምህርቲ ይሕበረኩም'ዩ።እዘን ሳምንትታት-ትምህርቲ ዝውሰናልኩም ነቲ ኤስ.ኤፍ.ኢ ክትምዝገቡ ከለኹም ዝሃብኩሞ ሓበሬታ ኣብ ግምት ብምእታው'ዩ።ናይ ካልእ ሃገር ድሕረ-ባይታ ደረጃ ትምህርትኹምን ቅድሚ ሕጂ ምናልባት ኤስ.ኤፍ.ኢ ተማሂርኩም እንተ ነይርኩም፡ነቲ ንዓኹም ዝሰማማዕ ትምህርቲ ኣብ ምምራጽ ይጸልዎ እዩ።ሳምንትታት-ትምህርቲ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዓውደ-ትምህርቲ ካብ 30 ክሳብ 48 ሳምንትታት ክፈላለያ ይኽእላ።

እተን ሳምንትታት-ትምህርቲ ምስ ተወደኣ ነጥቢ ናይ'ቲ ዓውዲ ይወሃበኩም።ብመሰረት ድንጋገታት ቤ/ጽ ኣብያተ ትምህርቲ፡መሳልል(ደረጃ) ናይ'ቲ ነጥቢ ካብ A ክሳብ F ይኸውን።F ማለት ኣይሓለፍካን ማለት'ዩ። ነቲ ዓውዲ ኣብ ሰዓቱ ክትውድኦ እንተ ዘይክኢልካ እሞ'ኸኣ ብቑዕ ምኽንያት ምስ ዝህልወካ እንተ በዝሐ 20 ሳምንትታት ተወሳኺ ክወሃበካ ይኽእል።ከም ተመሃራይ ኤስ.ኤፍ.ኢ፡ዝተወሃባኻ ሳምንትታት-ትምህርቲ ቀልጢፍካ ምስ ትውድኣን ነጥቢ ክወሃበካ ይኽእል'ዩ።ብዛዕባ'ዚ ምስ ናይ ኤስ.ኤፍ.ኢ መምህርካ ተዛረብ።

ኣብ እዋን ትምህርትኻ እቲ መምህርካ ቋንቋ ሽወደንካ ከመይ ይምዕብል ከም ዘሎ ብቐጻሊ ከዘራርበካን ክከታተለካን እዩ።ኣብ'ቲ ዝርርባትኩም፡ውልቃውያን ለውጥታት ናይ ምግባር ተኽእሎታት ንኣብነት ካልእ ንጥፈት ወይ ካልእ ትምህርቲ ናይ ምውሳድ ዝኣመሰሉ ክትመያየጡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ክፍለ-ዓውድታትን ብዝሒ ሳምንትታትን ኣብ ኤስ.ኤፍ.ኢ

| 1A | 1B | 1C | 1D |
|---|---|---|---|
| 48 ሳምንትታት | 40 ሳምንትታት | 30 ሳምንትታት | 30 ሳምንትታት |
| | 2B | 2C | 2D |
| | 48 ሳምንትታት | 30 ሳምንትታት | 30 ሳምንትታት |
| | | 3C | 3D |
| | | 40 ሳምንትታት | 30 ሳምንትታት |

ምስ ሕውነታዊ ሰላምታ
ርእሰ መምህራን
ቤ/ትምህርቲ ኣባጽሕ